# ማሕበር ደበስ ኤርትራውያን ስያትል ዋሽንግቶን

## መእተዊ

ኣብ ምሉእ ዓለም እንርከብ ኤርትራውያን ሓደ ካብቲ እንሕበነሉ ባህሊ እቲ ኣብ ግዜ ሞትን ሓዘንን ኣብ ነንሕድና እንገብሮ ምትሕግጋዝ እዩ።

ኣብ ስያትል ዋሽንግቶን እንነብር ኤርትራውያን ነዚ ቅዱስ ባህሊ ኣብ ስደት ከምዘሎዎ ክንዕቅቦ ድማ ንጽዕር ኣሎና።

ብምኽንያት ብዝሒ ሰብ ኣብ ስደት እውን እቲ ሽግር እንዳበዝሖ ይኸይድ ስለ ዘሎ ብኸምዚ ክንቅጽል ንህዝብና ብጣዕሚ ከቢድ ናይ ቁጠባዊ ሃስያ ስለዘውርደሉ፡ ሓጋዚ ብልሓት ክነናዲ ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ጉዳይ እዩ።

ነዚ ቅዱስ ዓላማ ክነተግብር ሓንቲ ማሕበር ደበስ ምምስራት ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኩላትና ኤርትራውያን  ፍልልያትና ተጻዊርና ብስልጡን ኣገባብ  ንተፍጥሮኣዊ ሕጊ ሞት ብማዕረ እተገልግል ማሕበር ክንምስርት እዋናዊ  ስለዝነበረ ማሕበር መስሪትና።

ካብዚ ብምብጋስ ግዱሳት ኤርትራውያን ተኻታተልቲ ኣኼባታት ኣካይድና ብምዝታይ ማሕበር ደበስ ኤርትራውያን ስያትል ዋሽንግቶን ዕለት 8፡ ወርሒ መስከረም  2018 ዓ. ም. ፈ. መስሪትና ። ስለዚ ኩላትና ኤርትራውያን  ናይዚ ማሕበራዊ ጠቕሚ ተረባሕቲ ምኻንና ኣሚንና ተሳታፍነትና ክነዕዝዝ ናይ ኩላትን እምነት እዩ መበግሲና።

እዛ ማሕበር ዓላማኣ ንጹር: ሓላፍነታ ድማ ውሱን እዩ ፣ ዝኾነ ይኹን ፈላላይ ዝንባሌታት ዘይተሳሲ ኣብ ጊዜ ሓዘን እትድብሰናን  ፣ እተጻናናዓናን ማሕበር እያ።

ካብቶም ቀንዲ ዕላማታት ናይዛ ማሕበር እዚ፡

- ኣብቲ ዘሕብን ባህልና ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ግዜ ሓዘን፡ ናይ ምትሕግጋዝን ምጽንናዕን ምዕቃብን፡ ምቕጻልን።
- ብዝተፈላለዩ መንገድታት ገንዘባዊ ምንጭታት ብምንዳይ፡ ብስሉጥን ቅልጥፉን ኣገባብ ንዝወርድ ጸገም ሓገዝ ምብርካት።
- ንዓቕምታት ሕብረተ-ሰብና ዝሕግዙ ንጥፈታት ምክያድ።

## ሌላ

**<u>ምዕራፍ - 1 -</u> ስም፥** ማሕበር ደበስ ኤርትራውያን ሲያትል ዋሺንግቶን

**<u>ምዕራፍ - 2 -</u> መለለዩኡን ኣርማ፥**

**ዓንቀጽ፥ 1 -**

1.1 ናይ ፍቅሪን ምጽንናዕን ምልከት ኣለዎ፥
1.2 ኣርማ ማሕበር ኣብ ኩሉ ናይ ኣባል መንነትን ቅብሊትን ሰነዳትን ዝተሓትመ ኢዩ፥
1.3 እዚ ኣርማ እዚ ንብረት ናይ ማሕበር ኢዩ። ካልእ ማሕበራት ኽጥቀማሉ ድማ ክልኩል እዩ።

**<u>ምዕራፍ - 3 -</u> ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፥** ERITREAN DEBES ORGANIZATION SEATTLE WA
P.O. BOX 94251
SEATTLE, WA 98124 - 6551
www.eritreandebes.org eritreandebes@gmail.com

# ዕላማን ዓንዲ - ሕግን ቅርጽን ማሕበር

## <u>ምዕራፍ - 4 -</u> ዕላማ ማሕበር (Mission)

**ዓንቀጽ፥ 4 -**

4.1 ኣብቲ ዘሕብን ባህልና ምርኩስ ብምግባር፥ ኣብ ግዜ ሓዘን፥ ናይ ምትሕግጋዝን ምጽንናዕን ምምኽኻርን ስራሓቲ ምክያድ።
4.2 ንብዝተፈላለዩ መንገድታት ገንዘባዊ ምንጭታት ብምንዳይ፥ ብስሉጥን ቅልጥፉን ኣገባብ ንዝወርድ ጸገም ሓገዝ ምብርካት።
4.3 ንዓቕምታት ሕብረተ-ሰብና ዝሕግዙ ንጥፈታት ምክያድ።

## <u>ምዕራፍ - 5 -</u> መደባት ማሕበር (Program)

**ዓንቀጽ፥ 5 -**

5.1 ኣባላት ምምዝጋብ
5.2 ኹሉ ዝተኣከበ ገንዘብ ብስም ማሕበር ደበስ ሲያትል ናብ ባንክ ኣታዊ ይኸውን።
5.3 ናይ ኣባል ሞት ምስ ዘጋጥም ማሕበር ብዝሓገጎ መሰረት መሰል ኣባል የማልእ።
5.4 ናይ ኣባል ሞት ኣብ ዘጋጠመሉ ግዜ ንምሉእ ኣባል ማሕበር ይሕበር።
5.5 ኣብ ባህልና ዝተመርኮሰ፥ ንኣባላት ዘማዕብልን ዝጠቅምን ንጥፈታት ምክያድ።

5.6 ኣገልግለቶም ዝወድኡን ኣካየድቲ ስራሕ ኮሚቴ፣ ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ናይ ኣባላት ማሕበር ደበስ መፋነዊ ምድላው ይግበረሎም።

## ምዕራፍ - 6 - ዓንዲ - ሕጊ

## ሓፈሻዊ ጉባኤ ማሕበር

### ዓንቀጽ፡ 6 -

1. ጉባኤ ደበስ ኤርትራውያን ዝለዓለ ስልጣን ኣሎዎ
2. ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣብ ከክልተ ዓመታት ኮይኑ፡ ጉባኤ ንኣካያዲት ሽማግለ ይመርጽ
3. ሓፈሻዊ ጉባኤ 2 ዓመት እተገልግል 7 ዝኣባላታ ኣካየድቲ ሽማግለ ይመርጽ
4. ማሕበር 2 ተጠባበቕቲ ኣብ ጉባኤ ይመርጽ
5. ዝተመርጹ ሓደስቲ ኣካየድቲ ሽማግለ ምስ ኣባላት ማሕበር ክላለዩ ሕጊ ማሕበር እዩ።
6. ኣከታቲሉ ንሳልሳይ ግዜ ክምረጽ ግን ኣይፍቀድን፣ ክልተ ዓመት ምስ ኣዕረፈ ግን ኣብ ዝመጽእ ግዜ ምርጫ ክወዳደር ይኽእል
7. ምርጫ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ፍርቂ ኣባላት ናይታ መርሕነት ኣብ ሽማግለ ይጸንሑ ምስቶም ሓደስቲ ዝተመርጹ ይቕጽሉ፡
8. ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ዝኾኑ ኣባላት፣ሓፈሻዊ ጉባኤ ክግበር እንተድኣ ሓቲቶም ናይ ህጹጽ ጉባኤ ይጽዋዕ፡
9. ዝኾነ ይኹን ብመልክዕ ውሳኔ ዝሓልፍ ንኽጸድቕ ካብቲ ጠቕላላ ቁጽሪ ኣድመጽቲ ብ50+1% ክድገፍ ኣሎዎ፡
10. ህላዌ ማሕበር ንምውሳን 3/4 (75%) ናይ ቁጽሪ ኣባላት ምርካብ ይሓትት፡
11. ብዛዕባ ህላዌ ማሕበር ንምውሳን ዝግበር ኣኼባ ምስ ዝኸውን ካብ 75% ንላዕሊ ድምጺ ክድገፍ ኣሎዎ፡
12. ኣብ ናይ መጀመርያ ኣኼባ 50+1% ናይ ኣባላት ብዘይምርካቦም፣ እቲ ኣኼባ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ክም ዝቕጽል ኮይኑ ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ኣጀንዳ ምይይጥ ተገይሩ በቶም ዝተረኽቡ ኣባላት ብዝወሃብ ዉሳኔ ይረግጽ።

## ምዕራፍ - 7 - ቅርጺ ኣቃውማን መዝነትን ኣካያዲት ሽማግለ ማሕበር

### ዓንቀጽ፡ 7 - ዕማም ኣካያዲት ሽማግለ

1. እዞም ሸውዓተ ኣባላት ኣብቲ ማሕበር ንዝግበር ናይ ስራሕ ምንቅስቓስ እናተራዳድኡ ከም ሓደ ኣካል ኮይኖም ናይቲ ማሕበር ስራሓት የካይዱ፡
2. ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ኣካያዲት ሽማግለ ብዝተዋህቦ መዝነት፡ ንዝተለሞ መደባት ስራሕ ማሕበር ናብ ኣካያዲት ሽማግለ የቕርብ፡
3. ኣካያዲት ሽማግለ ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ ሓፈሻዊ ህዝባዊ ኣኼባ ተካይድ።
4. ካብ ኣባል ኣካያዲ ሽማግለ ዝቐረበ ስራሕ መደብ፡ ኣካያዲት ሽማግለ ብዘጽደቐቶ ውሳኔ መሰረት ናብ ግብሪ ንምትርጓም ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ኣካያዲት ሽማግለ ይሰርሕ፡
5. ኣካያዲት ኣካል ከከም ኣድላይነቱ ንኡሳን ሽማግለታት ትምዝዝ፡

6. ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት ኣካያዲት ሽማግለ ኣብ ምዱብ ኣኼብኦም ብዝተረኽብሉ፡ ኣኼባ ከካይዱ ይኽእሉ፡ ውሳኔታት እውን ከሕልፉ ይኽእሉ፡
7. ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ኣካያዲት ሽማግለ፡ ማሕበር ንዝሃቦ ሓላፍነት ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሕ።
8. ዝኾነ ኣባል ኣካያዲት ሽማግለ ብውልቀ ውሳኔ ምስ ዝሰርሕ፡ ኣካያዲት ሽማግለ ጉዳዩ ርእያ ትውስነሉ፡
9. ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ኣካያዲት ሽማግለ ናይ ስርሑ ጸብጻብ ናብ ኣኼባ ኣካያዲት ሽማግለ የቕርብ።
10. ኣካየድቲ ሽማግለ ናይ ኣገልግሎት ግዜ ፈጺሞም ኣብ ዝሰናበቱሉ ግዜ፣ኣቀዲሞም ንኣገልግሎት ስራሕ ዝተረከብዎ ንብረት ይኹን ገንዘብ ናብታ ሓዳስ ዝተመርጸት ሽማግለ ብጽሑፍን ንብረትን የረክቡ፡
11. ኣካያዲት ኣካል ማሕበር ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣባላት ብዝለዓለ ድምጺ ብዝተመርጹ ሸውዓተ ኣባላት ትቐውም። ንሳቶም ከኣ፡

1. ኣቦ/ኣደ መንበር (ርእሲ-ሽማግለ)
2. ዋና ጸሓፊ
3. ኣታዊ ተሓዝ ገንዘብ (ንኡሳን ሽማግለታት ይህልዋ)
4. ወጻኢ ተሓዝ ገንዘብ
5. ህዝባዊ ርክባትን ስርርዓትን / ማሕበራዊ ጉዳያት (ኣስተምህሮታት፡(ንኡሳን ሽማግለታት ይህልዋ)
6. ተሓዝ ንብረት (ንኡሳን ሽማግለታት ይህልዋ)
7. ዜናን ሓበሬታን (ተክኖሎጂካዊ፡ ንጥፈታትን ማዕከናትን) (ንኡሳን ሽማግለታት ይህልዋ)

2 ተጠባበቕቲ

## ምዕራፍ - 8 - ሓላፍነት ኣባላት ኣካያዲት ሽማግለ - 1 - ኣቦ/ መንበር

### ዓንቀጽ፡ - 8 - 1 -

1. ኣቦ መንበር ዋና ጸሓፊ ብዝቀረበሉ መደብ መሰረት ኣኼባ ይመርሕ።
2. ንኣባላት ኣካየድቲ ማሕበር ድሕሪ ምሕባር፣ ነቲ ማሕበር ወኪሉ ኣብ ዝተፋላለዩ ኣኼባታት ይሳተፍ።
3. ንማሕበር ወኪሉ ምስ ዝተፋላለዩ ትካላት ናይ ስራሕ ርኽክብ ይገብር።
4. ብመሰረት መምርሒ ኣካያዲት ስራሕ ንማሕበር ወኪሉ ምስ ዝተፋላለዩ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ይወዓዓልን ይኽትምን።
5. ብማሕበር ንዝግበሩ ወጻኢታት ምስ ተሓዝ ገንዘብ (ወጻኢ) ናይ ቸክ ሰነዳት ይፍርም።
6. ናይ ማሕበር ንጥፈታት እናተኻታተለ ኣብ ግብሪ የውዕል።
7. ሓደ ኣባል ናይቲ ማሕበር ወይ ቤተ-ሰቡ ብሞት ኣብ ዝፍለየሉ ግዜ ብመሰረት መምርሒ ናይቲ ማሕበር፣ እቲ ዝግባእ ገንዘብ ኣብ ግዚኡ ንመዋቲ ቤተ ሰብ ከም ዝዋሃብ ይገብር፡ ክምዝተዋህበ ድማ የረጋግጽ።
8. መደብ ስራሕ ናይ ነብሲ ወከፍ ኣባል ናይ ኣካየድቲ ስራሕ ብግቡእ ምፍጻሙ ይከታተል።
9. ህጹጽ ስራሕ ምስ ዘጋጥም ከም ኣድላይነቱ ኣኼባታት ይጽውዕ።

## ምዕራፍ 8 - 2 - ዋና ጸሓፊ

ዓንቀጽ፡ 8 - 2 -

1. ኣቦ መንበር ኣብ ዘየለወሉ ግዜ ስራሕ ናይ ኣቦ መንበር ተኪኡ ብኣቦ መንበርነት ይመርሕ።
2. ኣካየድቲ ስራሕ ናይቲ ማሕበር ኣብ ዝገብርዎ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣጀንዳ የዳሉን ቃል ጉባኤ ይሕዝን፣ ኣብ ጉባኤ ዝተሳተፉ ከም ዝፍርሙ ይገብር።
3. ናይ ማሕበር መዛግብትን ሰነዳትን ብግቡእ ይሕዝን ይቆጻጸርን።
4. ዝርዝር ኣስማት ኣባላት ማሕበር፣ ኣድራሻ፣ ቁጽሪ ስልኪ እናመዝገበ ግቡኦም ከም ዘማልኡ ብምርግጋጽ ናይ ኣባልነት መፍለጢ ካርድ ከም ዝወሃቦም ይገብር፡
5. ሓደስቲ ንኣባልነት ዝምዝገቡ ንዝቐረብዎ ናይ ኣባልነት ቅጥዒ ናብ ኣካያዲት ማሕበር ኣቐሪቡ ከም ዝፍጸም ይገብር፡
6. ማሕተም ናይ ማሕበር ይዕቅብ፡
7. ቅብሊታት ናይ ኣታዊታትን ወጻኢታትን ብዋና-ጸሓፊ ኣብ ቤት-ማሕተም ተሓቲሙ ምስ ወጸ፣ ዋና-ጸሓፊ ኣብ መዝገብ ድሕሪ ምስፋሩ ንተሓዝቲ ገንዘብ ነናቶም መዛግብቲ ይህቦም።

## ምዕራፍ - 8 - 3 ተሓዝ ገንዘብ (ናይ ወጻኢታት)

ዓንቀጽ፡ 8 - 3 -

1. ኣተሓሕዛ ሕሳብ መደብ ብምውጻእ ከም ዝትግበሩ ይገብር።
2. ብኣካያዲት ኮሚቴ ዝተፈቐደ ወጻኢታት ገንዘብ ምስ ኣቦ መንበር ኮይኑ ይፍርምን የመሓድርን።
3. ናይ ማሕበር ገንዘብ ምንቅስቓስ ማለት ወጻኢ ዘመልክት ጸብጻብ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ንኣካያዲት ሽማግለ የቕርብ፣
4. ኣብ ሓፈሻዊ ናይ ኣባላትኣኼባ፡ ናይ ወጻኢ ሕሳብ የቕርብ።
5. ምስ ናይ ሓገዝ ዳህሳሲት ሽማግለ ንወጻኢታት ብዝምልከት ሓቢሩ ይሰርሕ።
6. ናይ ማሕበር ወጻኢ ገንዘብ ኣብ ኮምፒዩተር ከም ዝኣቱ ብምግባር ነቲ ዘሎ ሚዛን ሕሳብ ይከታተል።
7. ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ሕሳብ ንምጽራይ ብናይ ሕሳብ ተቘጻጸርቲ (ኦዲተርስ) ማሕበር መዛግብቲ ወጻኢታት ኣብ ዝሓቱሉ ግዜ የቕርብ።
8. ናይ ስተይትን ናይ ፌደራልን ዓመታዊ ናይ ማሕበር ናይ መስርሕ ፈቓድ ምሕዳስ (ልቸንሳ/ላይሰንስ) ይከታተል።

## ምዕራፍ - 8 - 4 - ተሓዝ ገንዘብ (ናይ ኣታዊታት)

ዓንቀጽ፡ 8 - 4 -

1. ናይ ማሕበር ዝተፈላለዩ ኣታዊታት ንዕኡ ብዝተዳለዉ ናይ ቅብሊት ሰነድ ኣታዊ ይገብር።
2. ቅብሊታት ናይ ኣታዊታትን ወጻኢታትን ብዋና-ጸሓፊ ኣብ ቤት-ማሕተም ተሓቲሙ ምስ ወጸ፣ ተሓዝቲ ገንዘብ ነናቶም ሰነዳት የማሓድሩ።
3. ገንዘብ ንዝኸፍሉ ኣባላትን ብወፈያ ንዝኸፍሉን ቅብሊት ይህብ።
4. ናይ ማሕበር ኣካያዲት ሽማግለ ናይ ኣገልግሎት ግዜኣ ምስ ኣእከለት ኩሉ ሰነዳትን መዛግብትን ንብረትን ንተካኢት ኣካያዲት ስራሕ ክርከብ ሓላፍነት ኣለዎ።
5. ምስ ናይ ሓገዝ ዳህሳሲት ሽማግለ ንኣታዊታት ብዝምልከት ተሳንዩ ይሰርሕ።
6. ካብ ኣባላት ክኽፈል ዝግብኦ ዓመታዊ ክፍሊት ይእክብ።

7. ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ሕሳብ ንምጽራይ ብናይ ሕሳብ ተቛጻጸርቲ (ኦዲተርስ) ማሕበር መዛግብቲ ኣታዊታት ኣብ ዝሓቱሉ ግዜ የቕርብ።

## <u>ምዕራፍ - 8 -</u> 5 - ህዝባዊ ርክባትን ስርርዓትን

### ዓንቀጽ፡ 8 - 5 -

1. ብመሰረት መምርሒ ማሕበር ሓደሽቲ ኣባላት ንምዃን ይጉስጉስን ይምዝግብን፡
2. ሰነድ ምዝጉባት ኣባላት ናብ ኣካያዲ ሽማግለ የቕርብ፡
3. ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ ግዜ፣ብመሰረት መምርሒ ኣካያዲት ኮሚቴ፣ብዛዕባ ስርርዓት ናይ ማሕበር ብዝምልከት ብቃል ይኹን ብጽሑፍ መግለጺ ክህብ ይኽእል።
4. ብዛዕባ ናይ ማሕበር ምዕባሌን ናይ ስራሕ ምንቅስቓስን ትሕዝቶን ንጥፈታትን ከም ዝፍለጥ ጻዕሪ የካይድ፡
5. ኣኼባታት ክህልዉን ገለ ፍጻሜታት ከጋጥሙን ንኣባላት ማሕበር የፍልጥ፡
6. ናይ ህዝባዊ ርክባትን ስርርዓትን ሓላፊ፡ <u>ንኡሳን ሽማግለታት</u> ከቕውም ይኽእል፡ ንሳተን ከኣ
   - I. ናይ ጎስጓስ (ዓላማ ማሕበር ምዝርጋሕ፡ ኣባልነት ንምስፍሕፋሕ)
   - II. ናይ ትምህርታዊ ጉዳይ (ጥዕናዊ፡ ትምህርታዊ፡ ገንዘባዊ)
   - III. ናይ ማሕበራዊ ጉዳያት (ሓዘናዊ ምትሕግጋዝን ምጽንናዕን፡ ህዝባዊ ኣኼባታት፡ ባህላዊ ኣስተምህሮታት)

## <u>ምዕራፍ - 8 -</u> 6 - ተሓዝ ንብረት

### ዓንቀጽ፡ 8 - 6 - ተሓዝ ንብረት

1. ንብረት ማሕበር ብዝርዝር ኣሰንዩ ብጥንቃቐ ይዕቅብን ይከታተልን ይቆጻጸርን፡
2. ተሓዝ ንብረት ንዝኣቱን ንዝወጽእን ንብረት ብዝርዝር ይምዝግብ፡
3. ተቐመጥቲ ሰነዳት ማሕበር ብዝርዝር ኣሰንዩ ብጥንቃቐ ይሕዝ፡
4. ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ ግዜ፣ብመሰረት መምርሒ ኣካያዲት ኮሚቴ፣ብዛዕባ ንብረት ማሕበር ብዝምልከት ብቃል ይኹን ብጽሑፍ መግለጺ ክህብ ይኽእል።
5. ብዛዕባ ንብረት ማሕበር ትሕዝቶን ንጥፈታትን ከም ኣድላይነቱ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል፡
6. ሓደስቲ ንብረታት ማሕበር ብውሳኔ ኣካያዲት ሽማግለ ኮይኑ፡ ብሓላፍነት ተሓዝ ገንዘብ (ናይ ወጻኢን ተሓዝ ንብረትን ይግዝእ)፡
7. ንብረት ንከይጠፍእን፡ ንዝጠፍኤ ምክትታልን ምትክኡን ጉዳይ ሓላፍነት ይስከም።

## <u>ምዕራፍ - 8 -</u> 7 - ዜናን ሓበሬታን

### ዓንቀጽ፡ 8 - 7 - ዜናን ሓበሬታን

1. ካብ ማሕበር ዝወጽእ ዕላዊ ሓበሬታ ናብ ኣባላት ይዝርግሕ (ብጽሑፍ፡ ብስልኪ . . .)፡
2. ናይ ማሕበር ዜና ንጥፈታትን ምልዕዓልን ብመራኸቢ ብዙሓን፡ ብዜና ማዕከናትን ናብ ህዝቢ ይዝርግሕ፡
3. ንማሕበርና ዝምልከቱ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን፡ ኣብ ናይ ዜና ማዕከናት ዝወጹ ይከታተል፡ ከም ኣድላይነቱ ብሰነድ ይሕዝ፡ ናብ ተሓዝ ንብረት እውን የመሓላልፍ፡
4. ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ ግዜ፣ብመሰረት መምርሒ ኣካያዲት ኮሚቴ፣ብዛዕባ ዜናን ሓበሬታን ማሕበር ብዝምልከት ብቃል ይኹን ብጽሑፍ መግለጺ ክህብ ይኽእል፡
5. ንህዝብና ብሓፈሻ፡ ንኣባላት ማሕበር ድማ ብፍላይ ዝጠቕሙ ነጥብታት ካብ ካልኦት ቋንቋታት ናብ ትግርኛ ናይ ምትርጓም ሓላፍነት ይስከም፡
6. ናይ ዜና ዝኾኑ ንብረታት ማሕበር ብሓላፍነት ይከታተል፡
7. ናይ ዜናን ሓበሬታን ሓላፊ፡ <u>ንኡሳን ሽማግለታት</u> ከቐውም ይኽእል፡ ንሳተን ከኣ
   I. ናይ ርእሰ-ዓንቀጻዊት ኣካል (Editorial Board) ንማሕበር ዝምልከት ኣዳልያ ትዝርግሕ)፡
   II. ናይ መራኸቢ ብዙሓን / ዜና ማዕከናት ኣካል (ንጥፈታት ማሕበር ንዝምልከት)

## <u>ምዕራፍ - 9 -</u> ኣሰናዳዊት ሽማግለ

**ዓንቀጽ፡ 9 -**

9.1 ኣሰናዳዊት ሽማግለ ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ማሕበር 3 ወርሒ ቅድሚ ጉባኤ ኣቐዲማ ትምረጽ፡
9.2 ሓሙሽተ (5) ዝኣባላታ ኣሰናዳዊት ሽማግለ ናይ ምሕጻይን መስርሕ ምርጫን ተካይድ፡
9.3 ኣሰናዳዊት ሽማግለ ብናይ ማሕበር ዓምዲ - ሕጊ መሰረት ካብቶም ክምረጹ ዘለዎም ኣባላት ዕጽፊ ሕጹያት ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ንምርጫ ተቕርብ።
9.4 መምዘኒ ሕጹያት ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን፡
   ሀ. ዕድመ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ
   ለ. ብጽቡቕ ስርሖን ስነ-ምግባሩን ዝተመስገነ
   ሐ. ካብ ገበን ነጻ ዝኾነ
9.5 ሕጹያት ብናይ ምስጢር ድምጺ ከም ዝምረጹ ይግበር።
9.6 ኣሰናዳዊት ሽማግለ ነቶም ዝተመርጹ ሓደስቲ ኣካየድቲ ስራሕ ናይቲ ማሕበር ኣብቲ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ ናይ ኣባላት ማሕበር ብዕሊ ከም ዝፋለጡ ብምግባር ስርሖም ይጅምሩ። ኣሰናዳዊት ሽማግለ ድማ ስርሓ ኣብዚ ትድምድም።

## <u>ምዕራፍ - 10 -</u> ተቈጻጻሪት ሽማግለ (ኦዲተር)

**ዓንቀጽ፡ 10 -**

11.1 ተቖጻጻሪት ኮሚቴ ናይ ማሕበር ገንዘብ ኣታዊን ወጻኢን ከምኡውን ንብረትን ትቆጻጸር፡
11.2 ተቖጻጻሪት ሽማግለ ሰለስተ ኣባላት ይህልዋ፣
11.3 ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ናይ ማሕበር ተመሪጾም ንክልተ ዓመት የገልግሉ፡
11.4 ተቖጻጻሪት ሽማግለ (ኦዲተር) ጸብጻባታ ናብ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ኣኼባ ኣባላት ማሕበር ተቕርብ፡
11.5 ተቖጻጻሪት ሽማግለ ደገፍቲ ዝኾኑ ሰነዳት ካብ ዝምልከቶም ኣካያድቲ ሽማግለ ክትወስድ ትኽእል።

11.6 ተቛጻጻሪት ሽማግለ ውጽኢት ትዕዝብታ፣ንኣካያዲት ሽማግለ ብጽሑፍ ተቕርብ።

11.7 ተቓጻጻሪ ኮሚቴ(ኦዲተርስ) ንስራሕ ማሕበር ዝምልከት መርመራ ንምክያድ ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ሕሳብ ሰነዳት፣መዛግብቲ፣ከምኡውን ንሕሳብ ዝምልከቱ ናይ ባንክ ኣታዊን ወጻኢታትን ካብ ናይ ኣካየድቲ ስራሕ ኮሚቴ ኮምፒዩተር ዘሎ ፋይላት ኣብ ዝደለይዎ ግዜ ክፍትሹ ይኽእሉ።

11.8 ናይ ሕሳብ ተቖጻጻሪ ኮሚቴ፣ሕሳብ ንምምርማር ወይ ንምጽራይ ካብ ኣካያዲት ስራሕ ኮሚቴ ዝወሰዶም ሰነዳትን መዛግብትን ስራሖም ምስ ወድኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣካያዲት ስራሕ ኮሚቴ ናይ ምርካብ (ምምላስ) ሓላፍነት ኣለዎም።

11.9 ተቛጻጻሪት ሽማግለ ኣብ መንጎ ዝጸንሕትን ሓዳስ እትትክእን ኣካየድቲ ሽማግለታት ዝግበር ምርኽኻብ ብሰነድ ዝተሰነየ ብጽፈት ከም ዝፍጸም ትገብር።

## ምዕራፍ፡ - 11 - ኣባል ማሕበር

### ዓንቀጽ: 11 -

11.1 ሓደ ሰብ ኣባል ክኸውን ምስ ዝውስን ብድሌቱን፣ ብግሉጽነቱን መሰረት፡ መመዝገቢ ቅጥዒ ብምምላእ ክታሙ ብምቕማጥ ኣባልነት ክሓትት ይኽእል።

11.2 ኣባልነት ብውልቂ ኢዩ። (ሰብ-ሓዳር ከምኡውን ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሜኦም ደቆም፡ ነብሲ ወከፎም ቅጥዒ ክመልኡን ፈርሞኦም ከቕምጡን ሕጊ እዩ።

11.3 ኣባልነት ብኣካያዲ ቦርዲ ይውሰን ኣካያዲ ቦርድ ብመሰረት ዓንዲ ሕጊ ኣባልነት የጽድቕን ፣ይነጽግን።

11.4 ኣባል ማሕበር ክኸውን ዝወሰነ/ት $200.00 ዓመታዊ ክፍሊት ብምኽፋል ኣባልነት ይረጋገጽ።

11.5 ኣባል ምሉእ ስሙን ኣድራሻኡን ስልኩን ኣብ መዝገብ ማሕበር ብክታሙ ከረጋግጽ ኣለዎ።

11.6 ኣባል ማሕበር ኣድራሻ ወይ ስልኪ ምስ ዝቕይር፡ ንማሕበር ክሕብር ሓላፍነቱ ኢዩ።

11.7 ኣባል ዝኾነ እሞ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዓዲ ምስዝቕይር፡ ናይ ኣባልነት ግቡእ ክሳዕ ዘማልኤ፡ ብቐጥታ ይኹን ብወኪል ኣባልነቱ ዝተረጋገጸ ይኸውን። እቲ ወኪል ነቲ ዝወሰዶ ሓላፍነት ምስ ዘየማልእ ናይቲ ኣባል ሓላፍነት እዩ።

## ምዕራፍ፡ - 12 - ጉቡእ ኣባልነት

### ዓንቀጽ፡ 12 -

12.1 ኩሉ ኤርትራዊ ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ኮይኑ ነባሪ ዋሽንግቶን ስተይት ክኸውን ኣሎዎ።

12.2 ዕላማ ማሕበር ዘኽብር፡ ብሕግታት ማሕበር ድማ ተማእዚዙ ዝኸይድ ኢዩ።

12.3 ናይ ኣባልነት ምዝገባ መስርሕ ኣብ ሓንቲ ስድራቤት ክንደይ ልዕሊ ዕድመን ክንደይክ ትሕቲ ዕድመን ኣለዉ ብሰነዳቶም ተራእዩ ይረጋገጽ።

12.4 ኣባል ማሕበር ክኸውን ዝወሰነ ኩሉ ኣቐዲሙ $200.00 (ክልተ ሚእቲ) ዓመታዊ ክፍሊት ይኸፍል።

12.5 ሓደ ኣባል ማሕበር ኣድራሻ ምስ ዝቕይር ግን ኽኣ ማሕበር ዘዳሎዎ ቕጥዒ እንተ ድኣ ኣማሊኡ ኣብ ዘለዎ ኮይኑ ኣባልነቱ ክቕጽል ይኽእል።

12.6 ዘይኤርትራውያን ዜጋታት ምስ ኤርትራዊት ወይ ኤርትራዊ ብቃል ኪዳን ዝተኣሳሰሩ ንኣባልነት ምስ ዝሓቱ ናይ ኣባልነት ግቡእ የማልኡ።

12.7 ሓደ ኣባል ዓመታዊ ክፍሊት $200.00 ናይ ግድን ናብ ሳጹን ማሕበር ይኸፍል።

12.8 ግቡእካ ንምኽፋል፡ ብጥረ-ገንዘብ (Cash, Money Order)፡ ብቸክ ( Check) ወይ ብካርድ (Debit, Credit Card) ወይ ብኢለክትሮኒክ (Zellee) ክኸውን ይኽእል።

12.9 ኣባል ማሕበር ምስ ዝመውት፡ ናይ መዋቲ ቤተ-ሰብ ኣብ ውሽጢ 12 ሰዓታት ንኣካያዲት ሽማግለ ክሕብር ይግባእ።

12.10 ኣባል ክምዝገብ እንከሎ፡ ብሕጋዊ ምሉእ ስም ክምዝገብ ኣለዎ።

## <u>ምዕራፍ፡ - 13 -</u> መሰል ኣባልነት

### ዓንቀጽ፡ 13 -

13.1 ዝኾነ ኣባል ድሕሪ ኣብ ማሕበር ምምዝጋቡ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ዝረኸቦ መሰል ሓደ ሽሕ ቅርሺን ብስም ማሕበር ድማ ዕምባባ ይብርከተሉ።

13.2 ኣብ ሞት ዝርከበሉ ግዜ ሓደ ኣባል ማሕበር $10,000.00 ዶላር ካብ ስጹን ማሕበር ይወሃብ።

13.3 ኣባል ማሕበር ብሂወቱ ኮሎ መሰሉ ንካልእ ኣካል ከሳጋግሮ ኣይፍቀድን።

13.4 ዘይኤርትራውያን ዜጋታት ምስ ኤርትራዊት ወይ ኤርትራዊ ብቃል ኪዳን ዝተኣሳሰሩ ንኣባልነት ምስ ዝሓቱ ናይ ኣባልነት ግቡእ ዘማልኡ ምሉእ መሰል ይህልዎም።

## <u>ምዕራፍ - 14 -</u> ግቡእን መሰልን ናይ ትሕቲ ዕድመ

### ዓንቀጽ፡ 14 -

14.1 ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ መንእሰያት ኣብ ዉሽጢ ስድራ ቤት ዝተሓቑፉ ብወለዶም ተሰንዮም ቅጥዒ ድሕሪ ምምላእ፡ ኣባላት ንምኳን ምስዝድለ፡ $50 (ሓምሳ) ዓመታዊ ክፍሊት ይኸፍሉ።

14.2 ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ናይ ምድማጽን ምምራጽን ናይ ምውሳንን መሰል የብሎምን።

14.3 ወለዲ ንትሕቲ ዕድመ ደቖም ንኣባልነት ከመዝግብዎም ምስ ዝደልዩ፡ ምሉእ ሰነድ ውልዶም ኣሰንዮም ኸመጹ ኣለዎም። ወላዲት እንተ ድኣ ኾይና ተመዝግቦም ዘላ ኣጋጣሚ ሞት እንተድኣ ተረኺቡ እቲ ዝዋሃብ ገንዘብ ንዘመዝገበት ወላዲት ይዋሃብ። እንተድኣ ወላዲ ኮይኑ ዘመዝግቦም ዘሎ ንወላዲ ይወሃብ።

14.4 ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም እሞ ወለዲ ህሉዋት ምስዘይኮኑ፡ ኣብ ትሕቲ መግዚትነት (ጋርድያን) ክምዝገቡ ይኽእሉ።መሰሎም ከኣ ብእኡ መልክዕ ይረጋገጸሎም።

14.5 18 ዓመት ምስ ኣሕለፉ፡ ካብ ኣባልነት ናይ ስድራ ወጺኦም ፍቓዶም ምስ ዝኸውን፡ ንኣባልነት ዝሕተት ቅጥዒ ማሕበር መሊኦም ዓመታዊ $200.00 (ክልተ ሚኣቲ) ብምኽፋል ምሉእ ኣባል ክኾኑ ይኽእሉ።

14.6 ኣባል ማሕበር ዝኸውን ሰብ ብድሌት ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ሆስፒታል፡ ኣብ መእለዪ ዓበይቲ፡ ኣብ ናይ ግሊ ቤት ዝእለዩ ወዘተ፡ ብባህርያዊ ሕማም ዝደኸሙ፡ ክንቀሳቐሱ ዘይኽእሉ፡ ኣባላት ክኾኑ ኣይፍቀድን።

14.7 ማሕበር ዝኾነ ይኹን ዓይነት ኣድልዎ ከም ጾታዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወገናዊ፡ ዕድመ፡ ስንክልና ከይገበረ ኣባልነት ክቕበል ዝኽእል ማሕበር ኢዩ። *(ስንክልና ክበሃል እንከሎ ህይወቱ ባዕሉ ክመርሕ ዝኽእል ማለት ኢዩ)*

## ምዕራፍ - 15 - ኣብ ግዚኡ ዘይምኽፋል ዝህሉ መቕጻዕቲ

**ዓንቀጽ፡ 15 -**

15.1 ሓደ ኣባል ማሕበር ብዝተመዝገበሉ ናይ ወርሒ ሰሌዳ መሰረት ዓመታዊ ክፍሊት ከማልእ ኣለዎ፡ ኣባል ዝኸፍለሉ እዋን ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኢዩ፡

15.2 ኣብ መንጎ ኣዋርሕ ዝተመዝገበ ኣባል ንክፍሊት ብዝምልከት ምስ ፈጻሚት ሽማግለ ተዘራሪቡ ይውሰን፡

15.3 ፈጻሚት ቦርድ ብስልኪ ይኹን ብደብዳቤ ናይ ክፍሊት እዋን ኣቐዲማ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ንኩሎም ኣባላት ትሕብር። ካብቲ ናይ ክፍሊት ዕለት ካብ 15 ክሳዕ 30 መዓልታት ምስዝድሕር $25 መቕጻዕቲ ይኸፍል፡

15.4 ሓደ ኣባል ካብ 15 ክሳዕ 30 መዓልታት ግቡኡ ከይፈጸመ ብሞት ምስዝፍለየና፡ ብሕጊ ማሕበር ዝሕተት ኣማሊኡ ምሉእ መሰሉ ይረክብ።

15.5 ካብ 31 መዓልታት ንድሓር ግን ካብ ኣባልነት ይስረዝ።ናይ ምስራዙ መልእኽቲ ብፈጻሚት ይለኣኸሉ፡

15.6 ካብ ኣባልነት ተሰሪዙ ዝነበረ ሰብ ይኹን ወይ ብፈቓዱ ገዲፍዎ ዝነበረ እሞ እንደገና ክኣቱ ምስዝደሊ፡ ከም ሓድሽ ኣባል ተመዝጊቡ ግቡእ ፈጺሙ ክኣቱ ይኽእል።

## ምዕራፍ - 16 - ምውጋድ ኣባልነት

**ዓንቀጽ፡ 16 -**

16.1 ሓደ ኣባል ናይ ማሕበር ኣብዚ ሕጊዚ ዘለዉ ግዴታታት ብዘይምፍጻም ወይ ናይ ማሕበር ህልዉና ፣ ዘጋጩ ፣ ዘፍርስ ፣ ዝጎድእ ፣ ኣባላት ማሕበር ንምክፋፍልን ንምብትታንን ጻዕሪ ከካይድ ዝተረኽበ ብናይ ኣካያዲት ማሕበር ኮሚቴ ጸዋዒት ተገይሩሉ ምኽሪ ይወሃቦ፡

16.2 ነቲ ዝተዋህቦ ምኽሪ ዕሽሽ ብምባል በቲ ጉጉይ ተግባራቱ እንተ ቐጺለ፣ካብቲ ማሕበር ይሰናበት፡

16.3 ቅድሚ ምስንባቱ ነቲ ማሕበር ዝኸፈሎ ናይ ኣባልነት ገንዘብ ክምለሰሉ ክሓትት ኣይክእልን፡ እንተሓተተውን ኣይወሃቦን።ብከምዚ ዓይነት ወይ ኩነታት ካብቲ ማሕበር ዝተገለለ ሰብ ተመሊሱ ኣባል ናይቲ ማሕበር ንምኳን ኣይፍቀድን።

## ምዕራፍ - 17 - ናይ ኣባል ማሕበር ኣድራሻ ምቕያር

**ዓንቀጽ፡ 17 -**

17.1 ኣባል ማሕበር ናይ ዝቕመጠሉ ኣድራሻ ምስዝቕይር ኣብ ውሽጢ ሰሙን ንኣካያዲት ሽማግለ የፍልጥ፡

17.2 ኣባል ዝቕመጠሉ ኣድራሻ ንሽማግለ ከይሓበረ ምጽንሑ፡ ንመዋቲ ይኹን ንካልኦት ተጠቀምቲ ዝግበር መሰላት ክድንጉ ይኽእል ኢዩ። ማሕበር ከኣ ተሓታቲ ኣይኮነን።

## ምዕራፍ - 18 - ሞት ኣባል ንኣካያዲት ሽማግለ ምሕባር

**ዓንቀጽ፡ 18 -**

18.1 ሞት ኣባል ምስ ዘጋጥም ኣካያዲት ሽማግለ ብዘሎ ስሉጥ መራኸቢታት ተጠቒማ ንኩሉ ኣባል ማሕበር ትሕበር።

18.2 ኣባል ማሕበር ካብ ዋሺንግተን ወጻኢ ኣብ ካልእ ስቴት ምስ ዝመውት፡ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ቤተ-ሰብ መዋቲ ንኣካየድቲ ስራሕ ኮሚቴ ክፍልጡ ኣሎዎም።

18.3 ኣባል ማሕበር ካብ ኣሜሪካ ወጻኢ ምስ ዝመውት፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብዛዕባ ሞቱ ጸብጻብ ናብ ቤት ጽሕፈት ናይ ማሕበር ክቐርብ ኣለዎ።

18.4 ኣባል ማሕበር ካብ ዋሺንግቶን ስተይት ወጻኢ ዝሞተሉ ዝገልጽ ዕላዊ ሰነድ መረዳእታ (Death Certificate) ቤተ-ሰብ መዋቲ ከቕርቡ ይግባእ።

## ምዕራፍ - 19 - ሓፈሻዊ ስነ-ምግባር

**ዓንቀጽ፡ 19 -**

19.1 ኣባላት ኣካየድቲ ሽማግለ ቅድሚ ኣካየድቲ ኮይኖም ምምራጾም፡ ማሕበር ንዝነበሮ ዕዳ ይኹን ወይ ካልእ ጉድለታት ተሓተትቲ ኣይኮኑን፡

19.2 ዝኾነ ኣባል ናይ ኣካያዲት ስራሕ ኮሚቴ፣ ናይቲ ማሕበር ገንዘብ ይኹን ንብረት ብዘይ ኣገባብ ንናይ ግሊ ጥቕሙ ወሲዱ/ዶም ዝተረኽቡ ወይ ብሸለልትነት ዘባላሸዉ ብሕጊ ተሓተቲ ኢዮም።

19.3 ኣብ ውሽጢ ኣባላት ማሕበር ዘይምርድዳእ ምስ ዝፍጠር፡ ማሕበር ብዘውጽኦም ሽማግለ ጉዳዮም ክፍታሕ ከም ዝኽእል ዝኣምን ኽሽውን ኣለዎ።

## ምዕራፍ - 20 - ምምሕያሽ ዓንዲ ሕጊ

**ዓንቀጽ፡ - 20 -**

20.1 ምምሕያሽ ዓንዲ ሕጊ ኣብ ጉባኤ ይካየድ። ድሕሪ ብጉባኤ ምጽዳቑ፡ ኣብ ግብሪ ይውዕል። ኣካያዲት ሽማግለ ድማ ንኹሉ ኣባል ማሕበር ብጽሑፍ ተፍልጥ።

20.2 ኣባላት ኣካያዲት ስራሕ ኮሚቴ ብመሰረት ዓንዲ ሕጊ ምስራሕ ምስ ዘሸገሮም፡ ንህጹጽ ጉባኤ ይጽውዑ።

20.3 ኣካያዲት ሽማግለ ኣብ መንጎ ጉባኤታት ኣብ ዓንዲ-ሕጊ ዘይስፈረ ኸነት ምስ ዘጋጥም፡ ክብደቱ ተራእዩ ኣካያዲት ሽማግለ ብዝተሰማማዓትሉ ከም ሓድሽ ነጥቢ ንምምምሕያሽ ሕጊ (Amendment) ህጹጽ ጉባኤ ክትጽውዕ ትኽእል።

20.4 ሕጋዊ ኣማኻሪ ኣብ ዘድለየሉ እዋን ማሕበር ደበስ ከም ኣድላይነቱ ክቖጽር ይኽእል።

20.5 እዚ ሕጊ እዚ ሓዳስ እካያዲት ሽማግለ ካብ ዝተመርጸትሉ ዕለት ኣብ ግብሪ ይውዕል።

*23 ኑሓሰ 2021 (ዘመነ-ኮሮና)*

***መፈጸምታ***